Tigrigna

## ብናጻ ክትሰርሕ ትደሊ ዲኻ?

ናይ ብፍቃድካ ዝሰራሕ ስራሕ ክትሰርሑ እንተደሊ ኹም፣ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና፣


**ቤት ጽሕፈትና፣**
Volunteer Centre Sheffield  The Circle
33 Rockingham Lane  Sheffield  S1 4FW
Call James – **0114 253 6655/51**  **Paul – 0114 253 6650**
Email: **refugee@vas.org.uk**  **p.harvey@vas.org.uk**


**ናብ Conversation Club / Drop in ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም፣**
ኩሉግዜ ሮቡዕ ኣብ ሰዓታት 2—4pm ድሕሪ ቀጥሪ ወይድማ ኣብ ማእከል ከተማ ጥቃ Crucible Theatre ዝርከብ Victoria Hall Methodist Church ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም።




## ብብፍቃደዎም ዝሰርሑ ሰባት ዝቐረቡ ሓሳባት

ሰባት ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ፣
- ናይ ሓደሽቲ ኣድራሻታትን ኔትዎርክን ምርካብ ዕድል ወሲኹ (86% )
- ግላዊ ምዕባለታት ድማ ወሲኹ (82%)
- ኣብ ካልኦት እምነት ምሕዳር ድማ ወሲኹ (81% )
- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምውህሃድ ስሚዒት ወሲኹ (75% )

- 96% ካብቶም ብፍቃደዎም እቲ ዝረኸብዎ ስራሕ ንኽጅምሩን ንኽረኽቡ ዕድል ክረኽቡ ዝኽኣሉ ናይቲ ማእከል ብፍቃደዎም ዝሰርሑ ሓገዝ ኣገዳሲ ከምዝነበረ ይገልጹ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብዝበለጸ ከተንብቡ ትኽእሉ፣
www.vas.org.uk/refugee_asylum_project.htm


voluntary action sheffield
www.vas.org.uk

Supported by The National Lottery® through the Big Lottery Fund
BIG LOTTERY FUND


Volunteer Centre Sheffield

## መንበሪ ፍቓድ ዘሎካ ስደተኛ ዲኻ ወይስ ሓታቲ ዑቕባ ኢኻ?


ብፍቃዱ ዝሰርሕ ስራሕተኛ ኣብ Leonard Cheshire ዝርከቡ ስልኩላን ተመቀማጠ እንዳሓገዘ

## ዘሎካ ክእለት ተጠቀም — ካልእ ሓድሽ ኽእለት ተመሃር ክትሕግዝ ምፍታን / ብናጻ ምስራሕ

ብናጻ ክትሰርሕ ከሎኻ ንሓደ ማሕበር ወይ ጉጅለ ትሕግዝ ኣሎኻ ማለት እዩ። ንኻልኦት ክትሕግዝ ከሎኻ እዞም ዝስዕቡ ጥቅምታት ትረክብ፣

- ሓድሽ ክእለት ትመሃር— ናጻ ታዕሊም ወይ ትምህርቲ ትረክብ
- ምስ ሓደስቲ ሰባት ትራኸብ — ሓደስቲ ኣዕሩኽ ትገብር
- ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ክእለትካ ተመሓይሽ
- ስራሕ ንምቁጻር ዝሕግዘካ መወከሲ ክትረክብ ትኽእል

# መንበሪ ፍቓድ ንዘለዎም ስደተኛታትን ንሓተቲ ዑቕባን ዝኸውን ብናጻ ናይ ምስራሕ ዕድላት

እቲ Volunteer Centre Sheffield New Beginnings Project ዝበሃል ናይ ስደተኛን ሓታቲ ዑቕባን ፕሮጀክት፣ ንስደተኛታትን ንሓተቲ ዑቕባን ጠቓምቲ ዝኾኑ ብናጻ ናይ ምስራሕ ዕድላት ኣብ ምርካብ ክሕግዝ ቀሩብ እዩ።

እቲ Volunteer Centre Sheffield, part of Voluntary Action Sheffield ድማ ብናጻ ክሰርሑ ንዝደልዩ ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ከምዚ ስዒቡ ተጠቒሱ ዘለዉ ስፍሕ ዝበለ ሓገዛት ኽንሕግዝ ንኽእል ኢና፤

- ብናጻ ክትሰርሓሉ እትኽእል ግሩም ዝኾነ ናይ ስራሕ ቦታ ንኽትረክብ ብምሕጋዝ
- ኣብ ክንዳኻ ኩንና ናብ ኤጀንስታት ደዊልና ናይ ቆጸራ ግዜ ምሓዝ
- ናይ ምልክታ ኦርኒክ (ፎርም) ንኽትመልእ ምሕጋዝ
- ናብቲ ናይ መጀመርያ ናጻ ሰራሕ ቃለ መጠይቕ ምሳኻ ምኻድ (ኣድላዪ እንተኾይኑ)

## ብናጻ ዝሰርሕ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ብናጻ ዝሰርሕ ሰብ ማለት ንኻልኦት ኣብቲ ማሕበረሰብ ዘለዉ ሰባት ንምሕጋዝ ግዜኡን ክእለቱን ብዘይ ገለ ደሞዝ ዘወፊ ማለት እዩ። እዚ ንምግባር ድማ ኣብ ናትካ ናጻ ፍቓድ ዝሙርኮስ እዩ።

ንኽንደይ ሰዓታት ወይ መዓስ መዓልቲ ብናጻ ክትሰርሕ ከም ትደሊ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ብናጻ ምስራሕ ማለት ንሓደ ማሕበር፣ ጉጅለ ወይ ድማ ረብሓ ወይ መኽሰብ ዘይብሎም ገበርቲ ሰናይ ምሕጋዝ ከምእውን/ወይድማ ነቲ ማሕበረሰብ ምሕጋዝ ማለት እዩ።

## ብናጻ ካብ ምስራሕ ዝርከብ ጥቕምታት
## ካልኦት ሰባት ብምሕጋዝካ ነዞም ዝስዕቡ ጥቅምታት ክትረክብ ይገብረካ:


| | |
|---|---|
| ዘሎካ ክእለት ትጥቀመሉ ከምእውን ካልእ ሓድሽ ክእለት ትመሃር — ናይ ናጻ ታዕሊም ወይ ትምህርቲ ይወሃበካ | ምስ ሓደስቲ ሰባት ትራኸብ |
| ኣብ ናይ ዩኬ ናይ ስራሕ ቦታታት ተሞክሮ ተጥሪ | ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ክእለትካ ተመሓይሽ |
| ካልእ ስራሕ ንምርካብ ዘድልየካ ናይ ስራሕ ምስክር ትረክብ | ኣብቲ ማሕበረሰብ ኣበርክቶኻ ተቕርብ |

## ገንዘብ ይረኽበሉ ድየ — ወይ ብናጻ ንኽሰርሕ ክኸፍሎ ዘሎኒ ነገር ኣሎ ድዩ?

ብናጻ ክሰርሑ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ሰባት ኣይክፈሎምን እዩ እንተኾነ ግን እቲ ዝገበርካዮ ገለገለ ወጻኢታት ክኽፈለካ እዩ፡ ንኣብነት ብናጻ ንክትሰርሕ ኣብ ትኸደሉ ግዜ እንተደኣ ናይ ኣውቶብስ ከፊልካ እቲ ናይ ኣውቶብስ ቲኬት ምስ እተርእዮም ገንዘብካ ይመልሱልካ። ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ድማ ንሙሉእ መዓልቲ ወይከኣ ልዕሊ 4 ሰዓታት ክትሰርሕ እንተደኣ መዲብካ ንምሳሕካ ዝኸውን ገንዘብ ይወሃበካ።

## ሓተቲ ዑቕባኸ ብናጻ ክሰርሑ ይኽእሉ ድዮም

እወ። ሓተቲ ዑቕባ ብናጻ ንኽሰርሑ ይፍቀደሎም እዩ፡ ማዕረ ክንደይ ክሰርሑ ከምዘለዎም ድማ ዝኾነ ይኹን ቀይዲ ኣይግበረሎምን እዩ። እዚ ድማ ነቲ ካብ NASS እትረኽቦ ሓገዛት ኣይጸልዎን እዩ። ነቲ ኣብ Home Office ዘእተኻዮ ናይ ዑቕባ ምልክታኻ እውን ኣይጸልዎን እዩ።



ክልተ በርማውያን ጽሙዳት ክእለት ቋንቋ ኢንግሊዘኛኦም ከመሓይሹ ኣብ ናይ ግብረ ሰራይ ድኳን እንዳሰርሑ ይርከቡ፤

## ነቲ ናይ ስራሕ ማእከል (Job Centre) ክሕብሮ ይግበኣኒ ድዩ

መንበሪ ፍቃድ ዘሎካ ስደተኛ እንተደኣ ኩንካ እሞ ካብ Job Centre Plus ድማ ጥቕምታት ትረክብ እንተደኣ ኩንካ፡ ብናጻ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግን፡

1. ብዕቱብ መደበኛ ዝኾነ ስራሕ ክትረክብ ክትጽዕር ይግባእን

2. መደበኛ ዝኾነ ስራሕ ኣብ ትረኽበሉ እዋን ድማ፡ ነዚ ናይ ብፍቃድካ ዝስራሕ ስራሕ፡ ደው ኣቢልካ ክትጅምር ድልው ክትከውን ይግባእ።

## ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለትካ ከመይ እዩ

ሓደሓደ ብናጻ ዝሰርሑ ስራሓት ብዙሕ ናይ እንግሊዘኛ ክእለት ኣየድልዮምን እዩ፡ ንኣብነት ኣታኽልቲ ምክንኻን፣ ተግባራዊ ስራሓት ወይድማ ሻሂ ቡን ምቕራብ። ካልእ ስራሓት ከም ናይ ምኽሪ ስራሕ፡ ወይ ተቐባል ጋሻ ዝኣመሰሉ ልዕል ዝበለ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለት የድልዮም እዩ። ንስኻ ጥራይ ሕተት — ገለ ንስኻ ክትሰርሖ እትኽእል ስራሕ ኣይሰኣንን እዩ።



ገለ ካብቶም ብናጻ ዝሰርሑ ሰባት ናብ Chatsworth house ብምጻሕ እንዳገበሩ፤

## ብናጻ ካብ ዝሰርሑ ሰባት ኣብነታት?

ሓደ ኢራናዊ ኣካውንታንት ብኽእለቱ ንናይ ኣከባቢ ግብረሰራይ ማሕበር እንዳሓገዘ፡

ብፍቃዱ ዝሰርሕ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ኣብ Leonard Cheshire ዝርከቡ ስልኩላን ተመቀማጦ እንዳሓገዘ

ሓንቲ ዙምባብያዊት ጓለንስተይቲ ከም ናይ ምኽሪ ሰራሕተኛ እንዳሰረሐት ትርከብ

ክልተ በርማውያን ጽሙዳት ክእለት ቋንቋ ኢንግሊዘኛኦም ከመሓይሹ ኣብ ናይ ግብረ ሰራይ ድካን እንዳሰርሑ ይርከቡ

## ካብ ብፍቃዶም ዝሰርሑ ሰባት ዝተረኽበ ርእይቶታት

- እቲ ዝዓበየ ጥቕሚ፡ ናብ ስራሕ ልምዲ ምጥራይ ክኸውን ከሎ፡ ብተወሳኺ ዝነበረኒ ክእለት ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣመሓይሸን ብቀሊሉ ስራሕ ክረክብ ድማ ኪኢለ - ተስፋይ፡ ካብ ኤርትራ
- ናይ ምስ ሰባት ምዝርራብ ክእለተይ ተመሓይሹ፡ ከምእውን ሓደሽቲ ሰባት ክፈልጥ ኪኢለ። ብተወሳኺ እዚ ናይ ብፍቃድካ ስራሕ ምስ ጀመርኩ፡ ርእሰ ተኣማንነት ክሕድር ኪኢለ - ኣሚና፡ ካብ ሶማልያ
- ምስ ሓደሽቲ ሰባት ንኽራኸብን ብዛዕባ ባህሎም ብዙሕ ነገር ክኽፈልጥ ሓጊዙኒ - ረዛ፡ ካብ ኢራን